# መዝሙር ሕማማት

## መዝሙር እምነት 32- ሰፈረይ ወሲድካ

1.ክትንዓቅ ብሰብ ጡፍ ክበሃለልካ፡
ክትጉሂ ክትጭነቕ መን ኣስተብሃለልካ።
በዳሊ ብኾፈይ ጎይታ ተዋሪድካ፡
ክብረተይ ነበረ ጎልጎታ ምኻድካ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ሰፈረይ ወሲድካ መስቀል ንክትጻውር፡
ነዚ ከሰተውዕሎ ኣባይ ፍቕርኻ’ ሕድር።
እንተሓሰብክዎ ዝገበሮ ጻዕሪ፡
ከቕሮ ኣይክእልን ናይ ጎይታይ ፍቕሪ።

2.ክትወድቕ ክትንስእ ክትጠሚ ክትጸምእ፡
ገበርካዮ ንኣይ ሓራ ክትውጽእ።
ድሕሪ ብርቱዕ ጻዕሪ ብሞት ምስ ሓለፍካ፡
ብዓወት ንጽድቀይ ‘ንደገና ተንሳእካ።
<u>ተደጋሚ</u>

3.መስቀለይ ክጸውር ኣነውን ኣብ ምድሪ፡
ካብ ክብረት ናይ ዓለም መስቀልካ እሓሪ፡
ውሬታ ከመልስ ናይቲ ግሩም ፍቕሪ፡
ቀረባይ ኩን ጎይታይ ሃበኒውን ምኽሪ።

## መዝሙር እምነት 33. ጎይታ ድኻምካ ጭንቀትካ

1. ንጉስ እንከሎኻ ከም ድኻ ኣብ ምድሪ፡
ንኹሉ ጾርካዮ ገዲፉካ ፍቕሪ

ተደጋሚ :-
ጎይታ፡ድኻምካ፡ጭንቀትካ፡ሕማምካ፡ይዝከረኒ'ሎ።(2)

2. መስቀል ተሰኪምካ ሰለይ ተሳቚኻ፡
ብቓለይ ከይገልጾስ ብዙሕ'ዩ ፍቕርኻ።
ተደጋሚ

3.ነቲ ኹሉ ውርደት ሰለይ ተቐበልካ፡
ውሉድ ኣምላኽ ኬንካ ንኹሉ ኽኣልካ።
ተደጋሚ

4.ጲላጦስ ገሪፉ ኣሕሊፉ ሂቡካ፡
ንህዝቡ ፈሪሁ ንሞት ወፈየካ።
ተደጋሚ

5.ስቓይካ ብኹሉ ተረዲኡ'ለኹ፡
መስቀለይ ከስከም መዲበዮ'ለኹ፡
ተደጋሚ

## መዝሙር እምነት34-ፍቕሪ ኣውረዶ

1. ፍቕሪ ‘ውረዶ’ዚ ለዋህ ፈቃር ጎይታ፡
ምእንታና ተወልደ ኣብ መብልዕ ማል፡፡
ብጻዕሪ’ውን ኣሕነቕነቐ ብጸሎት፡
ክብሪ ይሃብ ንእኡ ኩሉ ፍጥረት።

ብሕማም ልዱይ በዓል ስቓይ ሰብ፡
መጸ ናብ ልበይ መልአ ህይወተይ፡
ብሰብ’ውን ንዑቕ እኳ’ንተኾነ፡
ኣይሕደገናን ምሕረቱ ‘ ብዝሐ።

2.ከም ገንሸል’ውን ንማሕረዲ ተወሰደ፡
ኣበሳና መድሓኒና ከኣለ፡
ስቕ ምስ በለ ኣፉ’ውን ከይከፈተ፡
ብትሕትና መስቀሉ ተሸከመ።

ብብርቱዕ ስቓይ ነፍሱ ወፈየ፡
ኣበሳ ኹሉ ኣብኡ ተጻዕነ፡
መቕጻዕቲ ኹሉ ናብኡ ወረደ፡
ንሕና ክንፍታሕ ንሱ ተገረፈ ።

# መዝሙር እምነት 35 ‘ቲ ኹቡር መስቀል ናይ ጎይታይ

1.ቲ ኹቡር መስቀል ናይ ጎይታይ፡
ጽኑዕ ድልድል እዩ ንኣይ፡
ካብ ሓጥያት ዝሳገረሉ፡
ናብ ምድሓን’ውን ዝበጽሓሉ።

ተደጋሚ:- ‘ቲ ኹቡር መስቀል ናይ ጎይታይ፡
ክብረተይ እዩ ዕላ.ማ.ይ።

2.’ቲ ኹቡር መስቀል ናይ ጎይታይ፡
ክቡር ስልማት’ዩ ንኣይ፡
ኣይሓፍርን እስከሞ፡
መለለይ ክኣ እገብሮ።
ተደጋሚ

3.ብዙሓት ዘሚርምሉ፡
ብዙሓት ጽሒፎምሉ፡
ጌና ግን ኣይተወደአን፡
ከምኡ ድማ ኣይተጸግበን።
ተደጋሚ

4.ኣሽሓት ዓመታት ኮይኑ፡
የሱሰይ ካብ ዝሞተሉ፡
ገና ኣይጥፍአን ሓይሉ፡
ይነብር’ውን ህያው ኮይኑ።
ተደጋሚ

5.ዘል ኣለማዊ’ዩ ሓይሉ፡
ፍጹም መሰታ ዘይብሉ፡

ኩሎም ጾላእቱ ሰዒሩ፡
ይነብር ኣሎ ደሚቑ።

<u>ተደጋሚ</u> ደ.ኣ